


ሓሰን ሶርያዊ ኮይኑ፣ 2-ዓበይቲ ኣሕዋትን ክልተ ምንኣሱ ኣሓትን ኣለውዎ። ስድራ-ቤት ሓሰን ኣብ ሶርያ ናቶም ድኳን ኣለዎም። ኣብቲ ድኳኖም ከኣ ከም ቴሌፎናትን ኮምፒዩተራትን ከምኡ'ውን ካልኦት ተመሳሳሊ ንብረት ይሸጡን ይጽግኑን።

ብሰንኪ እቲ ዘጋጠመ ኲናት፣ ህይወት ኣብ ሶርያ ቀሊል ኣይኮነን፡ ይኹን ደኣ`ምበር ሓሰን ግን ናብ ቤት ትምህርቲ ብምኻድን ከም ኩሉ ቆልዓ ተጻዊቱ፡ ተማሂሩ፣ ምስ ስድራ-ቤቱን መሳትኡን ጎዩን ተዛንዩን ዳርጋ ብዘይ ጾር እዩ ህይወት ኣሕሊፉ።

ሓሰን ወዲ 14 ዓመት ምስኮነ ግን ኩነታት ኩሉ ተቐየረ፡ ስድርኡ ናብ ሃገረ ኔዘርላንድ ክስደድ ሕቶ ኣቕረብሉ፡፡

እቲ ምኽንያት ከኣ፣ ኣሕዋቱ ድሮ 20ን 16 ዓመትን ጌሮም ስለዝነበሩ፣ እቲ ጉዕዞ ናብ ኔዘርላንድ ክንደይ ዝኣክል ጊዜ ይወስድ ንጹር'ውን ስለዘይኮነ፡ ምናልባት`ውን እቲ ወዲ 16-ዓመት ሓው፣ ዕድምኡ ንሕቶ ምጥርናፍ ስድራ-ቤት ተቐባልነት ከይረክብ ስለዝኽእልን፡ ከምኡ`ውን ኣብቲ ናቱ ዕድመ ዝርከቡ ኣወዳት ማለት ካብ 16 ዓመት ጀሚሮም ጻውዒት ግዱድ ኣገልግሎት ስለዝቀርበሎም እዩ። በዚ ምኽንያት እዮም ከኣ ዝበዝሑ መንእሰያት ናብ ሊባኖን ዝስደዱ። እቲ ግዜ ይምጠጥ ስለዝነበረ፣ ስድራቤት ሓሰን'ውን ሓሰን ንጉዕዞ ስደት ብቑዕ ከምዝኾነ እዮም ኣሚኖም። ከምኡ'ውን እቲ ዕድሚኡ ንጉዳይ ምጥርናፍ ስድራ-ቤት ንምሕታት ቅቡል እዩ ዝብል እዩ። ሓሰን እቲ እንኮ መጻኢ ናይ`ዛ ስድራ ጥጡሕ ክገብር ሙሉእ ሓልፍነት ተዋህበ።



ድሕሪ ናይ 2-ዓመት ጽንኩር ጉዕዞ፡ ሓሰን ሕጂ ኣብ ኔዘላንድ ይነብር ኣሎ፡ 9-ወርሒ ድማ ጌሩ። ኣብ ወረቀት ሰፊሩ ዘሎ ሓሰን ወዲ 16- ዓመት ከምዘሎ እዩ ዝሕብር፡ ይኹን`ምበር ዓቢ ከምዝኾነ ግን ይርደኦ'ዩ። ብዙሕ ብደሆን ሽግርን ከኣ ኣሕሊፉን ሪኡን እዩ፣ ንበይኑ ክብደሆም ዝነበሮ ብዙሓት ነገራት`ውን ኣሕሊፉ እዩ። ስለዝ'ስ ደጊም ቆልዓ ኣይኮነን።

ሓሰን ዛጊት መንበሪ ፍቓድ የብሉን ግን ጉዳዩ ኣብ መስርሕ ኣሎ። ምስ ከምኡ ዝኣመሰሉ ብዕድመ መዘናታቱ ናብ ኔዘርላንድ ብዘይ ስድራ ዝተሰደዱ ምስኦም ብሓንሳብ ኣብ ናይ ሓባር መንበሪ ከኣ ይነብር። ብዛዕባ ዕለታዊ መነባብሮ ንዝምልከቱ ጉዳያት ከኣ ብኣለይቶም ይሕገዙ፣ ተወሳኺ ከም ወላዲት ኮይና ትሕብሕቦን ትከላኸለሉን ኣብ ዝተፈላለየ ኣገዳሲ ናይ ወረቀት ስራሕን ዝርርብን ንዝምልከት ትሕግዝ ኣላቶ። ንኣብነት ከም ጉዳይ ምጥርናፍ ስድራ-ቤት፣ ኩነታት ጥዕና፣ ኩነትት ትምህርትን ስፖርትን ክጥቀስ ይከኣል።

ሓሰን በሊሕ ወዲ እዩ፣ ኣብ ህይወቱ ኸኣ ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ክበጽሕ`ዩ ዝደሊ። ስለዝኾነ ኸኣ ቤት ትምህርቲ ምኻድ ብጣዕሚ ኣገዳሲ ኮይኑ እዩ ረኺብዎ። ንሱ ቋንቋ ተማሂሩ ድሕሪኡ ኸኣ ክቕጽል እዩ ዝደሊ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ምስ ከደ ግን ሓሳቡ ቀልጢፉ ብኻልእ ይስረቕ፣ ኣድህብኡ ኣብ ትምህርቲ ክገብር ኣይከኣለን። ትምህርቲ ከኣ ብኾምኡ መገዲ ትኸዶ ኣይኮነን። ቤት ትምህርቲ ንሓሰን ካብ ሓሳቡ መእለይ ክኾኖ ስለዘይከኣለ፣ ከምቲ ዝድለ ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸይድ ኣይከኣለን። ሓሰን ዝበዝሕ ግዜ ኣብ መደቀሲኡ በይኑ ኮፍ ይብል፣ ጽቡቅ ከምዘይስመዖ`ውን ብተደጋጋሚ ይሕብር። እተን ተሓጋገዝትን

ስለዝኾነ ኸኣ ቤት ትምህርቲ ምኻድ ብጣዕሚ ኣገዳሲ ኮይኑ እዩ ረኺብዎ። ንሱ ቋንቋ ተማሂሩ ድሕሪኡ ኸኣ ክቕጽል እዩ ዝደሊ።

ኣለይትን ከኣ ክሕግዘኦ ደለያ። ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸይድ`ውን ሓተተኦ። ዋላ መዓልታዊ ኣይኺድ ግን ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸይድ ክፍትን ከምዘለዎ ሓበረኦ። እቲ ምኽንያት ድማ፣ ቋንቋ ምምሃር ንዕኡ ብጣዕሚ ኣገዳሲ ከምዝኾነን ከምዝሕግዞን ገለጻሉ፣ ግን ክመሃር ኣይከኣለን። ዝያዳ ኣኳ ደኣ ነቲ ጭንቀቱ ዘጋድድ ኮነ።

ስድራቤት ሓሰን ቀጻሊ እዮም ዝድውሉሉ፣ ዝያዳ ኸኣ ኣብ ጉዳይ ምጥርናፍ ስድራ-ቤት ዘተኮረ። ኣሕዋቱ`ውን ኩሉ ዓይነት ሕቶ ብቀጻሊ ይሓትዎ። ሓሰን ስድርኡ ኣብ ከቢድ ኩነታትን ኣብ ዘይውሑስ ቦታ ከምዘለው ፈለጠ። ስድራ ቤት ሓሰን ብዛዕባ ገዛን ጥዕንኦም ከኣ ብጣዕሚ ተሻቀሉ። ምዕባይ ሓው ንሓሰን ኣየናይ ከምዝመርጽ ሓርበቶም? ስደት ናብ ሊባኖን ዶስ ጉዳይ መስርሕ ምጥርናፍ ስድራ-ቤት ምጽባይ ብዝብል ከቢድ ወጥሪ ኮይንዎም። ስድራ ቤት ሓሰን ግን ካልእ ዋላ ሓደ መውጽኢ የብሎምን። እቲ እንኮ ካብዚ ዘለውዎ ኩነታት ከውጽኦምን ክሕግዞምን ዝኽእል ግን ሓደ ሓሰን ጥራይ እዩ። ንኩሉ ሕቶኦም ከኣ መልሲ ክረኽበሉን ክሓስበሉን ሓተትዎ። ብርግጽ ሓሰን`ውን ንስድርኡ እዚ ክገብረሎም ከምዝደሊ ደግጊሙ ይገልጽ እዩ።



ንሱ ሓደ በይኑ ንስድርኡ ክሕግዝ ዝኽእል ብምኳኑ ሓንሳብ ሓንሳብ ንበይኑ ነዚ ኩሉ ሓላፍነት ብምስካሙ ብጣዕሚ ይኸብዶ እዩ፣ እወ ንሱ ወዲ 14-ዓመት ከሎ ነቲ ጽንኩር ጉዕዞ ስደት ዝበደሀ፣ ካብ ግዜ ናብ ጊዜ ስቕተኛ እንዳኾነ መጸ። ኣብ ህይወቱ ባህታ ዝህቦ ነገር ሰኣነ። ጥዑም መግቢ ክበልዕ ምስ ተቀረበ፣ ብቐጥታ ስድርኡ ቅጅል ይብልዎ`ሞ፣ ስድርኡ ዝበልዕዎ ብምስኣኖም ናቱ ጉድለት ኮይኑ ይስምዖ። ሓሰን ብጣዕሚ`ዩ ሽጋራ ዘትክኽ፣ ከምኡ`ውን ስጋብ ዝወግሕ ቪድዮ ገይም ኣብ ምጽዋት የሕልፎ። ከም ሳዕቤኑ ኸአ ንግሆ ክትስእ ብጣዕሚ ይጽገም፣ ክድቅስ ይደሊ። ከምኡ እንዳበለ ዳርጋ እቲ ናብ ቤት ትምህርቲ ምኻድ ገዲፍዎ።

በዚ ምኽንያት ከኣ እቲ ቤት ትምህርቲ ናብ መኣዲ ትምህርቲ ክመጽእ ከምዘለዎ መጠንቀቕታ ሰደደሉ። ሓሰን ግን ቤት ትምህርቲ ዝበለ እንተበለ ወይ እንተገበረ ዘገድሶ ኣይነበረን። ንዕኡ ዘገድሶ ግን ስድራ-ቤቱ ናብ ኔዘርላንድ ምምጻእ እዩ። ካብቲ ቤት ትምህርቲ ብብዝሒ መጥንቀቕታ ክውሕዝ ጀመረ፣ እተን ተሓጋገዝቱን ኣለይቱን ከኣ ናብቲ ቤት ትምህርቲ ከይደን ክረዳዳኣ ግድን ኮነን። ንሓሰን’ውን ካብ ቤት ትምህርቲ ከይእገድን ጠቕሊሉ ከይስጎግን ሻቕሎተን ገለጻሉ። ሓሰን ከኣ ቅድም ስድርኡ ከምዝደልን ደሓር ግን ስድርኡ ምስ ረኸበ ቀሲኑ ክመሃርን ኣድህቦ ክህበሉን ከምዝኽእል ሓበረን።

ስድርኡ ምስዝናፍቕን ከዘራርቦም እንተደልዩን ከምኡ’ውን ብዛዕባ ጉዳይ ምጥርናፍ ስድራቤት ንዝምልከትን ብዛዕባ ክገብሮም ዝግበኦ ነገራት እንተልዩም ናብ ኣዲኡ እዩ ዝድውል። ኣዲኡ’ውን ብጣዕሚ ትናፍቖን ብእኡ ኣዝያ ትሻቐልን። እቲ ምኽንያት ከኣ ብዛዕባ’ዚ ዝነብረሉ ዘሎ ዓዲ ዋላ ሓደ ኣፍልጦ ዘይምህላው እዩ።

ኣዲኡ ናብ ቤት ትምህርቲ ይኸይድ ከምዘየሎን ነቲ ቛንቋ ዛጊት ከምዘይተማሃሮን ፈሊጣ። ንወዳ ከይትስእኖ’ውን ሰግኣት ኣለዋ። ኣዝያ ስለዝናፈቐቶ ኸኣ ቀጻሊ እንዳበኸየት እያ ትድውለሉ፣ ንሳ ንወዳ ክትሪኦ ኣዝያ ደለየት። ንሱ’ውን ንኣዲኡን ስድርኡ ክሕግዝ ብጣዕሚ’ዩ ዝደሊ። ግን ብኸመይ ክሕግዞም ከምዝኽእል ዝፈልጦ ነገር የብሉን።

**ናብ ቤት ት/ ክኸይድ ኣይከኣለን፣ ንስድርኡ’ውን ክሕግዞም ኣይከኣለን፣ ሓሰን ዋላ ሓደ ክገብር ዓቕሚ ከምዘይብሉ እዩ ተሰሚዕዎ።**

እተን ኣለይቱ ክሕግዝኦ ደለያ፣ ሓሰን ብሓቂ በቲ ዘርኣዮኦ ተገዳስነት ተደኒቑ እዩ። ክሕግዝኦ ግን ኣይከኣላን። እቲ ምኽንያት ከኣ ካብኡ ዝተጸበየኦ ንሱ ክገብሮም ዝግበኦም ነገራት ግን ከኣ ክገብሮም ዘይከኣለ ነገራት ስለዝነበሩ እዩ። ናብ ቤት ት/ ክኸይድ ኣይከኣለን፣ ንስድርኡ’ውን ክሕግዞም ኣይከኣለን፣ ሓሰን ዋላ ሓደ ክገብር ዓቕሚ ከምዘይብሉ እዩ ተሰሚዕዎ። ሓሰን ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸይድ ስለዘይከኣለ እቲ ቤት ትምህርቲ ናይ ምስጓግ ስጉምቲ ክወስድ መጠንቐቕታ ገበረ። ኣብዚ ጉዳይ ምስ ስድርኡ ንምስምማዕ ስለዘይተኻእለ፣ እታ ከም ወላዲት ኮይና ትሕብሕቦ ኣላይቱ፣ ሓደ ክኢላ ድሕረ ባይትኡ ሶርያዊ ዝኾነ፣ ሓሰን ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸይድ እንታይ ከምዘድልዮ ዝድህስስን ብዕምቆት ክርድኦን መንጎኛ ናይ ባህሊ ከተሳትፍ ወሰነት። እቲ ክኢላ፡ መንጎኛ ናይ ባህሊ፡ ምስ እታ ከም ወላዲት ትሕብሕቦን ትከላኸለሉን፣ምስ ኣባል ክትትልን ወሃቢ ኣድህቦን ምስ ተሓጋጋዚቱ ኣብ ጉዳይ ምጥርናፍ ስድራቤት ዘሳልጡ ሰርሕተኛታትን ምስ ሓሰንን ሌላ ገበረ። ድሕሪኡ’ውን እቲ መንጎኛ ናይ ባህሊ ምስ ስድራቤት ሓሰን ክላለን ኣብዚ ጉዳይ ምስኦም ብሓንሳብን ክሰርሕን ከምዝደልን ሓበረ።

ሓሰን ከኣ ነቲ ክኢላ፡ መንጎኛ ናይ ባህሊ፡ እቲ ዘለዎ ኹነታትን ብጣዕሚ ከምዘጉህዮ ነገሮ። ሓሰን ምስ ስድርኡ ብዛዕባቲ ጨን ጉዳይ ምጥርናፍ ስድራቤት ገዲፍካ ካልእ ከዕልል ባህ ምበሎ ። ብዛዕባ ጉዳይ ምጥርናፍ ስድራቤት ክትሓትት እንታይ ከምዘድልን ክንደይ ዝኣክል ግዜ ከምዝወስድን ስድርኡ ክርድኡሉ ይደሊ፣ ነዚ ክርድእሉ እንተኽኢሎም ከኣ ንዕኡ ክሕግዞ ከምዝኽእል ተዛረበ። እቲ መንጎኛ ናይ ባህሊ ንስድራቤት ሓሰን ክረኽቦምን ሕቶታት ምስዝህልዎም’ውን ንዕኡ ክረኽብዎ ንሓሰን ምስ ስድርኡ ከራኽቦ ሓተቶ።



እቲ መንጎኛ ናይ ባህሊን ሓሰንን ብዛዕባ ትምህርቲ ኣልዒሎም’ውን ተዘራሪቦም እዮም። ብፍላይ ድማ ቛንቋ ምምሃር ማዕረ ክንደይ ንሓሰን ኣገዳሲ ከምዝኾነ ከምኡ’ውን ብዛዕባ ኣወንታዊ ኣተሓሳስባን ኣትኩሮ ብዛዕባ ጽቡቕ ነገርን ዝምልከት’ውን ተዘራረቡ። እቲ መንጎኛ ናይ ባህሊ ብሓሰን ከምዝኾርዕን፣ ሓሰን’ውን ብነብሱ ክኾርዕ ከምዘለዎ ተዛረቦ። ሓሰን ናብ ቤት ትምህርቲ ምኻድ ክፍትን ምኳን’ውን ተሰማምዑ። ንዝኮነ ሕቶ ብዛዕባ ጉዳይ ምጥርናፍ ስድራቤት ንዝምልከት ድማ ሓሰን ነቲ መንጎኛ ናይ ባህሊ ክድውለሉ ወይ መልእኽቲ ክሰደሉ ተረዳድኡ።



ሓሰን ናብ ቤት ትምህርቲ ምኻድ ክፍትን ምኳን'ውን ተሰማምዐ። ንዝኮነ ሕቶ ብዛዕባ ጉዳይ ምጥርናፍ ስድራቤት ንዝምልከት ድማ ሓሰን ነቲ መንጎኛ ናይ ባህሊ ክድውለሉ ወይ መልእኽቲ ክሰደሉ ተረዳድኡ።

ድሕሪ ገለ መዓልቲ ድማ ሓሰን ነቲ መንጎኛ ናይ ባህሊ ምስ ስድርኡ ከራኽቦ ደለየ። እዚ ንሓሰን እቲ ዝዓበየ ስጉምቲ ነበረ።ኣብ ህይወቱ ቅሳነት ከምዝደለየ ድማ የብርሃልካ። ሽዑ ኣብ ተመሳሳሊ መዓልቲ ድማ እቲ መንጎኛ ናይ ባህሊ ንስድራቤት ሓሰን ረኺቡ ኣዘራረቦም። ንሱ መን ምኳኑን፣ ኣብ ጉዳይ ምእላይ ሓሰን ወዶም ይሳተፍ ከምዘሎን ስርሑ ምኳኑን ኣብረሃሎም። በቲ ዝርድእዎ ቋንቋ ዝራዳደኦም ሰብ ብምርካቦም ባህ በሎም። ብዛዕባ ሓሰን ወዶም ኣዝዮም ከምዝተሻቐሉን፣ ብጣዕሚ ከምዝናፈቕዎን ከምኡ'ውን እቲ መስርሕ ምጥርናፍ ስድራቤት ከምዝደንጎዮምን ብሰንኩ ተበሳጭዮም ከምዘለው እቲ መንጎኛ ናይ ባህሊ ተረደአ። ሓንሳብ ሓንሳብ እቲ ግዜ ካብቲ ኩሉ ሰብ ተስፋ ዝገበረሉ ንላዕሊ ከምዝወስድ እቲ ባህላዊ መንጎኛ ሓበሮም፣ እምነት ክገብሩ ከምዘለዎም ከኣ ተላበዎም። ብዛዕባ እዚ ጉዳይን ግዜን ዝምልከት ከኣ ቤት ጽሕፈት ኢምግሬሽንን ዜግነትን ዝምልከት ደኣ'ምበር ን ኒዶስ ማለት እቲ ንሓሰን ዝኣልዮ ዘሎ ትካል ወይ ንሓሰን ዝምልከት ከምዘይኮነ ኣብርሃሎም።

እቲ መንጎኛ ናይ ባህሊ ንስድራቤት ሓሰን ንወዶም ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸይድ ክሕግዝዎን ሞራል ክህብዎን ሓተቶም፣ እቶም ስድራ'ውን ጸቒጦም ወዶም ክመሃር ከምዝደልዩን ትምህርቲ ድማ ንወዶም ንመጻኢኡ ኣገዳሲ ከምዝኾነን ኣሚኖም፣ ብዛዕባ ጉዳይ ምጥርናፍ ስድራቤት ንዝምልከት ሕቶ ከምዘይሓትዎ'ውን ቃል ኣተው። ብዛዕብኡ ዝምልከት ሕቶ እንተልይዎም ድማ ነቲ መንጎኛ ናይ ባህሊ ክውክስዎ ምኳኖም ተሰማምዑ።

> ዋላ ደኣ እኳ እቶም ስድራ እኹል ሓበሬታ ይርከቡ፣ ዛጊት ግን ዘይበረሃሎም ብዙሕ ነገር ኔሩ። ስለዚ ድማ እቲ መንጎኛ ናይ ባህሊ ነቶም ስድራ ክሕግዝን ዘይተረደኦም ድማ ደጊሙ ከረደኦምን ግዜ ወሰደ።

ድሕሪ ሓደ ሰሙን ኣቢሉ ሓሰን ደሓን ኮነ፣ ተረጋገአ። ናብ ቤት ትምህርቲ ምኻድ'ውን ጀመረ። ኣብዚ ግዜ'ዚ እቲ መንጎኛ ናይ ባህሊ ብዛዕባ ጉዳይ ምጥርናፍ ስድራቤትን ከምኡ'ውን ብዛዕባ ጉዳይ ኒዶስን ቤት ጽሕፈት ኢምግረሽንን ዜግነትን ንዝምልከት ብቐጻሊ ነቶም ስድራ ይረኽቦም ነበረ። ዋላ ደኣ እኳ እቶም ስድራ እኹል ሓበሬታ ይርከቡ፣ ዛጊት ግን ዘይበረሃሎም ብዙሕ ነገር ኔሩ። ስለዚ ድማ እቲ መንጎኛ ናይ ባህሊ ነቶም ስድራ ክሕግዝን ዘይተረደኦም ድማ ደጊሙ ከረደኦምን ግዜ ወሰደ። ኣብነታትን ምኽርን ጌሩ ድማ ኣረደኦም። እቲ ተወሳኺ ዝረኸብዎ ሓበሬታ ድማ ኣረጋገኦም።



ድሕሪ'ዚ ድማ ውሳኔ ናይ ቤት ጽሕፈት ኢምግረሽንን ዜግነትን መጸ፣ ስድራቤት ሓሰን ናብ ኔዘርላንድ ክመጹ ፍቓድ ተዋህቦም። እቶም ስድራ ድሕሪ ኣብዚ ምምጻኦም'ውን ብዙሕ ሕቶ ኣለዎም። ምስ እቲ መንጎኛ ናይ ባህሊ ስጋብ ሕጂ ብቐጻሊ ይራኸቡ ኣለው። እቲ ኣብ ሞንጎኦም ዘሎ ርክብ ድማ ብጣዕሚ ጽቡቅ ኣሎ። እቶም ስድራ'ውን ኣብ ዝተሸገሩሉ እዋን ሕቶ ክሓቱ ይደፍሩ ኮይኖም።

ሓሰን ኣብዚ እዋን እዚ ምስ ስድርኡ ይነብር ኣሎ፣ ብሓንሳብ ምስ ስድርኡ ኣብ ኔዘርላንድ ህይወቶም ዘጣጥሕሉ መገዲ ኣብ ምድላይ ኣለው።

> ብሓንሳብ ምስ ስድርኡ ኣብ ኔዘርላንድ ህይወቶም ዘጣጥሕሉ መገዲ ኣብ ምድላይ ኣለው።

ሓሰን እንታይ እዩ ዘድልዮ ኔሩ?
ገለ ክፋል ካብዚ ዘንታ ዶ ኣለሊኻዮ/ፈሊጥካዮ ኣለኻ?
ብዛዕባ ባህላዊ ፍልልይ፣ ብዛዕባ ሓገዝ ምርካብ ኣብ ኔዘርላንድ ከማኡ'ውን ኣብ ውሳኔ ምውሳድ ዘለካ ቅኑዕ መርገጺ ሓበሬታ ኣንተደሊኻ ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ ጥብቆ ተወከስ
**www.procademy.nl/ouders**

እዚ ብዓውዲ ፕሮጀክት ሳመን ስተርክ (ብሓብር ምሕያል) ዝተሰምየ ፕሮጀክት ዝተዳለወ ኮይኑ፣ ሓባራዊ ስራሕ ናይ ፕሮጀክት ኒዶስን ኣርክ ሴንትረም 45 እዩ።

ብኤሮጳዊ ሕብረት ዝተመወለ